# *'ኣገልጋሊት መራሒት'* Dr. Syreeta McTier፡ ናይዚ ዓመት'ዚ ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ (DCSD Educational Support Professional II) ተባሂላ ክብሪ ረኺባ

Dr. Syreeta McTier፡ ካብ ዝተወለደትሉ መዓልቲ ጀሚራ ንኻልኦት ንኸተገልግል ተባሂሉ ከምእትዓቢ ተገይሩ። ስለዚ፡ ንቐልዑ ንኸተገልግልን ንኽትምህርን መምህር ምዃና ዘገርም ነገር ኣይኮነን። እቲ ኣብ ኣገልግሎት ዘለዋ ተወፋይነት፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ቀውዒ ብደረጃ ኣውራጃ ዝተኻየደ 10ይ ዓመታዊ ሽልማታት ኣካዳሚ ትምህርታዊ ብሉጽነት (Annual Academy of Educational Excellence Awards)፡ ናይ 2023–2024 ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ DeKalb County School District (*DCSD*) ተባሂላ ተሰምያ። Dr. McTier፡ ከም ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን Smoke Rise Elementary School ኮይና ነዚ ብሉጽ ክብሪ ብምርካባ ምስጋናኣ ገሊጻ።

"ኣብ DeKalb County School District ንዘርኣኽዎ ብቐዓት ስራሕ፡ ተወፋይነትን ኣበርክቶን ኣፍልጦ ዚህብ ብሉጽ ሽልማት ምቕባለይ ብሓቂ ደስ ዚብል እዩ" ብምባል ተዛሪባ።

Dr. McTier፡ ን21 ዓመታት ዚኸውን ግዜ ኣብ DeKalb County Schools መምህር ኮይና ሰሪሓ። መምህር ንኽትከውን ኣዲኣ ድሪኺት ፈጢራትላ፣ ንሰለስተ ዓሰርተ-ዓመታት ድማ ኣብ ኮም Compton, California ህርኩትቲ መምህርን ዓንድን ኮይና ኣገልጊላ። መምሃራን፡ ኣብ ተማሃሮን ስድራቤታቶምን ንወለዶታት ጽልዋ ናይ ምግባር ሓይሊ ከምዘለዎም፡ ካብ ትውፊት ኣዲኣ ተማሂራ።

"ኣብቲ ናይ 34-ዓመት ናይ ስራሕ ሞያኣ፡ ንደቅን ደቂ-ደቅን ናይቶም ቅድም እትምህሮም ዝነበረት ተማሃሮ ምሂራ። ኣደይ፡ ናተይ ኣብነት ኮይና፡ መምህር ንኽኸውን ድማ ድርኺት ፈጢራትለይ እያ" ብምባል Dr. McTier ተዛሪባ። "ኣደይ ኣብነተይ ስለዝኾነት፡ ኣገልግሎት ዝህበሉ ቀንዲ ስርሔይ ትምህርቲ ንኺኸውን መሪጸ። እዚ ኣዝዩ ብሉጽ ክብሪ፡ ምስክርነት ናይቲ ኣሰር ኣሰራ ንኽስዕብ ጽልዋ ከምዝገበረትለይ እዩ።"

Dr. McTier፡ ኣብቲ ንሽድሽተ ዓመታት መምህር ኮይና ዝሰርሓትሉ Jolley Elementary School ስራሕ ጀሚራ። ድሕሪኡ፡ ኣብ Robert Shaw Traditional Theme School ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምህራን ኮይና፣ ንኣርባዕተ ዓመታት ድማ ኣገልጊላ። ቀጺላ ድማ ናብ Smoke Rise Elementary ግዒዛ፣ ኣብኡ ድማ ን11 ዓመታት ሰሪሓ። ኣካል ኮም Smoke Rise Elementary ብምዃና ባህ ከምዝብላ ገሊጻ።

"ሃዋሁ ቤት ትምህርትና፡ ኣብ ዕብየትን ውጽኢትን ተማሃሮ ፍሉይ ኣተኩሮ ዚገብር ውዕዉዕን ሓልዮት ዚምልኦን እዩ" ብምባል ተዛሪባ። "ንተማሃሮ፡ መምሃራን፡ ሰራሕተኛታት፡ ርእሰ-መምሃራን፡ ኣመሓደርቲ፡ ወለዲ፡ ስድራቤታትን ኣባላት ኮምን ዝርከብዎም ብሉጻት ሰባት፡ Smoke Rise Elementary School ስራሕ እትሰርሓላ፡ እትምሃረላን ዕብየት እተምጽኣላን ፍልይቲ ቦታ ከምእትኸውን ገይሮሙዋ ኣለዉ። ነፍስወከፍና እተፈላለየ መዝነት ስራሕ እኳ እንተሃለወና፡ ንዓወት ተማሃሮ ግን ተሓባቢርና ንሰርሕ ኣሎና።"

Smoke Rise፡ ንDr. McTierን ካልኦት ናይዚ ዓመት'ዚ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ክብሪ ዚውሃበሉ ጽምብል፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣካዪዳ። ኣብዚ መደብ'ዚ፡ Dr. McTier፡ ናይዚ ዓመት'ዚ ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ (DCSD's Educational Support Professional II) ተባሂላ ስለዝተሰምየት እንቛዕ ኣሐጒሰኪ ንምባል፡ ከንቲባ Frank Auman ናይ City of Tucker ናይ ኣፍልጦ ደብዳቤ ሂብዋ።

“እዚ መደብ'ዚ ድማ ነቶም ክብሪ ዝረኸቡን ዘፍቅርዎም ሰባትን ልባውን ተዘካርን ጽምብል ነይሩ” ብምባል Dr. McTier ተዛሪባ።

እዛ ብልጽቲ ተሓጋጋዚት ርእሰ-መምሃራን፡ ንዅነታት ምስትምሃርን ምምሃርን ንኸመሓዩሹ ከምኡውን ንዕብየትን ውጽኢታትን ተማሃሮ ንኸጠናኽሩ፡ ምስ ርእሰ-መምሃራን፡ መምሃራን፡ ሰራሕተኛታት፡ ተማሃሮ፡ ወለድን ኣባላት ኮምን ኣብ ምትሕብባር ኣገዳሲ ተራ ትጻወት እያ። እቲ ኣዝያ እትፈትዎ ኣካል ናይቲ ስርሓ፡ ኣብ ተማሃሮ ዕብየት ከተምጽእ ከላ እዩ። Dr. McTier ጥሮታ ኣብ እትወጸሉ እዋን፡ ኣብ ትምህርታውን ሞያውን ተሞክሮታት ካልኦት ሰባት ተወሳኺ ክብሪ ዝወሰኸትን ኣብ ህይወቶም ድማ እወታዊ ለውጢ ዘምጽኤትን ተባሂላ ክትዝክር ተስፋ ትገብር።

“ውርሻይ፥ ካልኦት ሰባት ኣብ ዕላማኦም ኪጕዓዙ፡ ፍቕሪ ኬንጸባርቑን ኣብ ብሉጽነት ትምህርቲ ድማ ድርኺት ኪፈጥሩን ምሕጋዞም እዩ” ብምባል ተዛሪባ።

**XXX**